

# ትርሓስ — ኾኸብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ

Eden Daniels
Eden Daniels
ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ
2
ትግርኛ ti



ትርሓስ ደቂ ተባዕትዮ ኩዕሶ እግሪ ክፃወቱ ሪኣ፤ ናብኣቶም ተሓዊሳ ክትፃወት ደልያ። ምስአቶም ተሓዊሳ ክትለማመድ ትክእል እንተኾይና ድማ ነቲ ኣሰልጣኒ ሓቲታቶ።



እቲ ኣሰልጣኒ ኣእዳው ኣብ ሽምጡ ገይሩ። “ኣብዚ ቤት ትምህርቲ ፀወታ እግሪ ኲዕሶ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ እዩ ክፃወቱ ተፈቂዱ” ኢሉ መለሰላ።



እቶም ደቂ ተባዕትዮ ንዓአ መርበብ ኲዕሶ ኸይዳ ንክትፃወት ነጊሮማ። ከምዚ እውን ኢሎም መርበብ ኲዕሶ ንደቂ ኣንስትዮ እግሪ ኲዕሶ ድማ ንደቂ ተባዕትዮ እዩ ምስበልዋ ትርሓስ ሓሪቃ።



ኣብቲ ካልኣይ መዓንቲ፤ እቲ ቤት ትምህርቲ ከቢድ ውድድር ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ነይርዎ። እቲ አሰልጣኒ አብዚ ውድድር ብጣዕሚ እዩ ሓዚኑ ነይሩ ምክንያቱ ድማ እቲ ብሉፅ ተፃወቲኡ ብምሕማሙ።



ትርሓስ ናብቲ ኣሰልጣኒ ብፍጥነት ከይዳ ንኹትፃወት ንክፈቅደላ ለሚናቶ። እቲ ኣሰልጣኒ እንታይ ከም ዝውስን ርግፀኛ ኣይነበረን። ደሓር ግን ትርሓስ ናብቲ ቡድን ተሓዊሳ ንኹትፃወት ፈቂዱላ።



እቲ ፀወታ ከቢድ ብምንባሩ ክሳብ ጊዜ ዕረፍቲ ምንም ጎል (ሽቶ) ክምዝገብ ኣይክአለን ነይሩ።



ካብ ዕረፍቲ መልሲ ሓደ ተፃዋቲ እታ ኩዕሶ ናብ ትርሓስ ኣሕሊፍ ሂብዋ። ንሳ ብፍጥትን ናብ ጎል ገፅ ብምሕላፍ ብሓይሊ ብምውቃዕ ሸቶ አመዝጊባ።



እቶም ተመልከቲ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ተሰመዖም፤ ካብዚ ዕለት ጀሚሩ አብቲ ቤት ትምህርቲ ንደቂ ኣንስትዮ ፀወታ እግሪ ኩዕሶ ተፈቒዱ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ትርሓስ — ኾኽብ ተፃዋቲት እግሪ ኩዕሶ


Eden Daniels

Eden Daniels

ኣንገሶም ኣባዲ፣ ጎይትኦም ከበደ


CC BY NC